ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

8 ሚያዝያ 2012 ዓ.ም.ግ.
16 ሚያዝያ 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-233

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ተወሳኺ ኣገዳሲ ሓበሬታ

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም ኣብ ሕይወትኩም ሰላምን ጥዕናን እንዳተመነና፡ ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኩሉ ኣሳልጦን ግስጋሰን ክህልወኩም ንምነ። እብ'ዚ ዘሎ ከቢድ እዋን፡ ካብ መድሓኔዓለም መንፈሳዊ ምጽንናዕን ርግኣትን ክህልወና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹነልና።

ካብ'ዚ ቀጺልና ሕጽር ዝበለ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከነምሓላልፈልኩም ንፈቱ፥

ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝሓበርናኩም ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ብግቡእ ክንክተሎ ዘሎና ሕጊ ዝእዝዞ መምርሒ ክንክተል ግድነት ኰይኑና ኣሎ። በዚ መሠረት ኣብ ዝመጽእ በዓለ ትንሳኤ፡ ዝተወሰኑ ዝጥመቑ ሕጻናት ስለዘለዉና፡ ኑቶም ዝጥመቑ ጥራይ ብዘይ መሰነይታ ከነካይደሎም ከም ዝኹንና ንሕብር። ስለዚ ኣገልግሎት በቶም ውሱናት ቁጽሪ ከካይዱ ዝቐነዩ ካህናት ኢዩ ዝካየድ።

እቶም ቅዱስ ቁርባን እትወስዱ ከኣ ተጸሚምኩም ብምጽባይ፡ እግዚኣብሔር ኣብ ዝፈቐዶ ሓሳብ ልብኹም ከም ዘስምሮ ንኣምን። ጊዜን ኩነታትን ዘምጽኦ ሕጊ ክንክተል ስለዘሎና፡ ነቲ በብጊዜኡ እንረኽቦ ዕድላት ንኣምላኽ እንዳ ኣመስገንና፡ ነዚ'ውን እንዳ ተጠቐምና ብትዕግስቲን ብተስፋን ንኸይድ ኣሎና። እግዚኣብሔር ቀልጢፉ ምሕረቱ ክልእከልና እንዳ ለመንና፡ ቤተክርስትያንና ክሳብ 28 ሚያዝያ 2020 ሕጊ ተኸቲሉ ዓጽዩ ከምዘሎ ዳግም ከነገንዘበኩም ንደሊ። ኣብ ትሕቲ እዚ ዘለናዮ ኩነታት፡ ብኢደወነኑ ናብ ቤተክርስትያን ንዝመጽእ ሰብ፡ ክኣቱ ከምዘይፍቀድን ክምለስ ከምዝግደድን፣ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤተክርስትያን ጠጠው ኢልካ ምጽናሕ'ውን ከም ዘይፍቀድ ብጥብቂ ነፍልጥን ንሕብርን ኣሎና። በዓለ ትንሳኤኡ ብሰላም የብጽሓና።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሰላሙ ሂቡ ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

ኣቦመንበር

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***
*Het Kerkelijke bestuur*

Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**